# ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ ትግራይ

ኣብ ወርሒ ነሓሰ ካከባቢ 14 መዓልቲ ጀሚሩ ዝኽበር በዓል ብሃይማኖታውን ታሪኻውን ትሕዝትኡ ዝለዓለ ቦታ ዝወሃቦ እዩ። እዚ ብፍላይ ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ካብዚ መዓልቲ እዚ ጀሚረን እስካብ ቅዱስ ዮሃንስ ብዝለዓለ ድምቀት ዘኽብረኦ በዓል እዩ። እዚ በዓል ብቋንቋ ትግርኛ ኣሸንዳ ተባሂሉ እዩ ዝፍለጥ። ኣሸንዳ ዝብል ቃል ዝተውሃቦ ካፍቲ ዝዕጠቐኦ ዓይነት ተኽሊ እዩ ተባሂሉ ይንገር።

ኣሸንዳ ኣብ ትግራይ ከም ሓደ መግለፂ ባህላዊ ትሕዝቶ ኮይኑ እዩ ዝውሰድ። ካብቶም ዘለዉ በዓላት ደሚቑ ብደረጃ ክልል ዝኽበር በዓል እዩ። ብፍላይ ኣብ ፍርቂ ማእኸላይን ደቡባዊ ክፋል ትግራይን ኣዝዩ ብዝደመቐ ኩነት ይኽበር።

ኣብ ኣከባብራ ኣሸንዳ ደቂ ኣነስትዮ ዝተፈላለዩ መጋየፂታት ተጠቒመን እናወደሳ እየን ዘኽብርኦ። ኣብ ኣከባብራ እዚ በዓል ዝረኣዩ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት እወንታ ይኹን ኣሉታ ዝተዛረበኦ ነገር ናብ ክፉእ ኣይትርጎምን ዝኾነ ኣካል ከምግቡእ እዩ ዝውሰድ። ኣብ መንገዲ ዝረኸበኦ ሰብ ወዲሰን ዝሓበን ተቐቢለን ይኸዳ። ውህብቶኣን ውሕድ ኢሉ እንተተሰሚዑወን እውን እስካብ ወስከና ኢለን ብግልፂ ይዛረባ እየን።

ዝተወሃበን ተቐቢለን ምስ ዝተፈላለዩ ዜማታት እናሰነያ ወይ የመስግና ወይ ይረግማኻ። ኣበዚ ተረጊመ ኢልካ ኩራ የለን። ባህለን ስለዝኾነ ከይትርገም ምፅዓር እዩ'በር ንምንታይ ተረገምኩ ኢልካ ሕነ ክትፈዲ ምፍታን ኣይግቡእን። በዓል ኣሸንዳ ሎምዘበን ብደረጃ ክልል ኣብ ከተማ መቐለ ብድምቀት ክኽበር እዩ ተሳተፍቲ ይግበረና ኣብ  ኣዲስ ኣበባውን ብድምቀት ክኽበር እዩ።

